# ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ ኣስታት 150 ተመሃሮ ኣመሪቑ።

----------0----------

ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ ኣብ 9 ዓውድታት ኢደ-ስራሓት ዘምሃሮም 32 ደቀንስትዮ ዝርከበኦም 149 ተመሃሮ ሎሚ 30 ስነ ኣመሪቑ።

ኣብቲ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፣ ወለዲ፣ መማህራንን ተመሃሮን ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት ምምራቕ፣ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ስነኪነት ኣስመራ መምህር ኣብርሃለይ ስዩም፣ ንተመረቕቲ ተመሃሮ፣

“ መሰናኽላት በዲህኩም፣ ብቁዓት ኮይንኩም ትምረቑ ስለዘለኹም፣ እንቋዕ ፈረ-ጻማኹም ኣርኣየኩም ” ድሕሪ ምባል፣ ፣ንዘምሃሮም ህዝቢ ከገልግሉን ክሕግዙን ግቡኦም ምዃኑ ተረዲኦም ልዑል ጻዕሪ ክገብሩ ኣዘኻኺሩ።

ንሱ፣ ቅድሚ ናጽነት እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ቴክኒካዊ ትምህርቲ ደኺሙ ከምዝጸንሐ ጠቒሱ፣ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ዝነበረ ሕጽረት መሳርሒ ብምቅላል ዝተመሓየሸ ትምህርታዊ ኣገልግሎታት ይህብ ከምዘሎ ገሊጹ። ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ፣ ኣብ ዝመጽእ ዘመናዊ መሳርሒታት ከተኣታቱ፣ መምሃሪ ክፍልታትን ወርክሾፓትትን ክውሰኽ ምዃኑ ብተወሳኺ ገሊጹ፣ ነቲ ቤት ትምህርቲ ሓገዝ ንዝገበሩ ኩሎም ኣካላት ድማ ኣመስጊኑ።

ወኪል እቶም ተመረቕቲ ብወገኑ፣ “ነቲ ልዑል ወጻኢታት እናገበረ ዘምሃረና ህዝብና መንግስትናን እናመንስገና፣ ዓቕምና ብዝፈቕዶ ኣብዘን 3 ዓመታት ንዝዓነወ ትሕተ ቅርጽታትናን ቁጠባናን ክንሃንጽ ክንጽዕር ኢና” ኢሉ።

ኣብ መዛዘሚ እቲ ስነስርዓት፣ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርተ፤ ሓላፊ ምርምርን ምምዕ ባል ዓቕሚ ሰብን ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያምን ሓላፊ ቴክኒካዊ ትምህርትን ትምህርቲ ንዓበይትን ኣቶ ኣይንኣለም ማርቆስን ንተመሃሮ ዲፕሎማ ነቶም ኣብ ትምህርቶም ጸብለልታ ንዘርኣዩ ድማ  ሽልማት ዓዲሎም።

ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ፣ ሎምዘበን ንመበል 41 ግዜ ኡዩ ዘመርቕ ዘሎ። ኣብዘን ዝሓለፉ 10 ዓመታት ብመዓልታውን ምሸታውን ብጠቕላል ልዕሊ 2100 ተመሃሮ ኣመሪቑ።

----------0----------